# ታሪኻዊ ዝኽሪ፡ 5ይ ዓመት፡ ዓለም-ለኻዊ ሰልፊ !

ተወልደ ብእምነት



ምልስ ኢልና ንድሕሪት ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ 2009ን መጀመርታታት 2010 ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝኽርታት ምስ እንድህስስ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፣ በቲ፡ ብቤት ምኽሪ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብነድኢ ምምሕዳር ዋሺንግቶን ዲሲ ዝተበገሰ፡ ኣብ ልበ-ወለዳዊ ጽውጽዋያት መሰረትን መንቀልን ዝገበረ ክሲ፡ ንምጽራዩን ንምርግጋጹን ኣኻሊ ጊዜ ከይተዋህቦ፡ እቲ እተኸሰ ሃገር፡ ከም ኣባል መጠን መሰሉ ተሓልዩ፡ ብሕጋዊ ኣካይዳ፡ ተሓቲቱ፡ ነቲ ዘኽስሶ ክምልስን ክካላኸልን ዕድል ነፊጉ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ናይ እገዳ ውሳኔ ምጽዳቑ፡ ንዝከር። ነቲ ዝኽርታት ዝያዳ ዘድምቖ'ውን፡ እቲ ህንዱድ ውሳነ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ሓደ ጸቢብ ዕጹው ኣኼባ ተወዲኡ ምምጽኡ፡ ኣጸቢቑ ይዝከር።

ዝኽሪ ዝኽሪ ከም ዝወልድ፡ እዚ እከይ ውዲት፡ ኣብ ዝሓለፉ ናይ 65 ዓመታት ተመክሮ ህዝብና፡ እዚ ኣህግራዊ ትካል'ዚ ንኻላኣይ ጊዜኡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ሰላምን ቅሳነትን ወትሩ ሃረር ዝብል ምቕሉልን ትጉህን ህዝቢ፡ እንደገና ዘሕፍር ታሪኻዊ በደልን ጌጋን'ዩ ፈጺሙ።

እዚ ዘሕዝን፡ ግን ከኣ ዘነቓንቕን ፈታንን ዜና፡ ኣብ ድሮ በዓላት ምስ ተፈነወ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዝርከብ ኤርትራዊ፡ ሰሚዑ ስቕ ክብል፡ ኢዱ ኣጣሚሩ ክዕዘብ፡ ጉዳይ ሃገሩ ወጅሂ መንግስቱ ብገለ ዝኸሰሩ ምስሉያት ክመራሳሕ፡ ንወስትኦም ብወስታ ክብድህ መሪጹ። ነቲ ብሽርሕን ብምስጢራዊ ኣካይዳን ክስታትን እተበጽሐ ጎዳኢ ውሳነ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝፈጥሮ ነድርን ቍጥዐን ከኣ መስፈሪ ኣይነበሮን። ነድሩ፡ ጊዚያዊ ነድሪ ስሚዒታዊን ኩይኑ ኣይተረፈን፡ ናብ ነበልባላዊ እሳት'ዩ ገንፊሉ፡ ሓይሊን ትእምርትን ወሊዱ። ኮይኑ ኸኣ፡ ምእንቲ ሰብኣዊ መሰሉ፡ ፍትሒ ከናዲ፡ ሓይሉ ክእለቱን ንዋቱን ኣወሃሂዱ፡ ነታ ብሕድሪ እተቐበላ ሃገር ንኽብራን መሰሌታን፡ ክጣበቕ ክምጉት፡ ከም ወትሩ ብርእሰ-ምትእምማን ኢዩ ናብ ጥምጥም መኸተ ንቕልኡ ኣአንፊቱ።

ከይወዓለ ከይሓደረ፡ ነቲ ክሓዲ ውሳነ ንክኸኑን ንኽስሓብን ዝጽውዕ መግለጺ፡ ኣብ ዘዘለወሉ ሃገርን ከባብን ዝዝውተር ቛንቛታት ከም ዝዝርጋሕ ተጌሩ። ንኹሎም ኣብ'ዚ ይቕረ ዘይበሃሎ በደል'ዚ ኢድ ዘለዎምን ተሓተቲ ኣካላት፡ ብኹሉ ዓይነት ሕጋዊ መንገዲ ክገጥሞም፡ ተቓውምኡን ኰኒኑኡን ከመዝግብ ተጓይዩ። ዓብይን ህጹጽን ህዝባዊ ኣኼባታትን ዋዕላታትን ኣሳሊጣም፣ ዘተዮምን መኺሮምን። ብእኩብ መደባት ሓንጺጾም፡ ነቲ ዓማጺ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ክሳብ ዝለዓልን ዝስረዝን፡ ኣማሳይኡ፡ ነቲ ከዳሚ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ካብ መሬትና ክሳብ ዝወጽእ፡ ዝግብኦ ኩነኔ ክሳብ ዝብይኑ ክቃለሶም ምዃኑ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ድልውነቱ ኣረጋጊጹ፡ ምስ ነብሱ ድማ መብጽዓ ኣትዩ። እቲ ዉራይ ድማ ተጀሚሩ።

5ይ

እቶም ምኵሓት ነቲ ዝቐረበሎም ጽሑፋዊ ተቓውሞን ኩነኔን ህዝቢ፡ ከዳምጹ ካብዘይምድላይ፡ እቲ ዝኸይድ ዝነበረ ምንቅስቓሳት ናይ ውሑዳት፡ “ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተላእኩ፡ ፋሕተርተራት ናይ ሓደ-ሓደ ውልቀ-ሰባት”፡ ክብሉ ኢዮም ኣናኣኢሶሞ፡፡ ነቲ ዝግበር ዝነበረ ምቕርራብ ሰልፊ እውን፡ ሰላማዊ ምዃን ተሪፉ፡ ናዕባዊ ጠባይ ክሕዝ ከምዝኽእል፡ ግጉይን ኣዳናጋርን ትንቢት ዝሓዘለ መዘክር፡ ኣቀዲሙ፡ በቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበረ ኣምባሳደር፡ ከም ዝዝርጋሕ ተጌሩ። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ከምዘይነበረ፡ ዝምስክር ጭውነታውን ሓላፍነታውን ዝኾነ፡ ኣብ መላእ ዓለም፡ ብወርሒ ለካቲት 22,2010፡ ቅድሚ 5 ዓመት፡ ባዕሉ እቲ ዋና፡ እቲ ዝተበደለ ህዝቢ፡ እቲ ናይ ብድዐ ኣዘራርባ ካብ ዝመጸ ይምጻእ ብዘየገድስ፡ ንጉዳዩ ተዓጢቑሉ። ቅድሚኡ ኣብ ታሪኽ ምንቅስቓስ ኤርትራዊያን ኣብ ወጻኢ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ኣተሓሕዛ ዝተወሃሃደ ሓያል ሰላማዊ ሰልፊ ወዲቡ። መንፈስ ኤርትራዊ ድልውነት ዝኾለዐ፡ ዘይከማህ ቅሩብነት ናይ ሓደ ጥሙር ህዝቢ መለለዩ ዝኾነ፣ ዳግም ዘመስከረ ዕዉት ሰልፊ።

ኣብ ሓደ ህሞት ንሓደ ዓቢ ተልእኾ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ስዓታት፡ ካብ ከተማ መልበርን ሲድኒን ኣውስትራልያ ዝፈለመ ሰንሰለታዊ ሰልፊ፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ዜጋታት ንነዊሕ ሰዓታትን መዓልታትን ተጓዒዞም፡ ኣብ ከተማ ጀነቫ ማእከል ዝገበረ ግዙፍ ምትእኽኻብ ስዒቡ። ነበርቲ ምብራቕ ኣመሪካን ካናዳን፡ ምስ'ቲ ዝነበረ በረንድ ዘይንቡር ቆሪሑ ጽንኩር ከይተጎናደቡ፡ ኣብ'ታ ምምሕዳራዊ ትካላትን ዝተደኮነላ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ፣ ምዕራብ ካናዳን ኣመሪካን ድማ ኣብ ከተማ ሳን ፍራንሲስኮ፡ ብልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ፍናን፡ ምእንቲ ህዝቦምን መንግስቶምን ደው ከምዝብሉ፡ ከም ወትሩ ብሓደ ልቢ ጸኒዖም ብሓባር ዘርኣይዎ ምስትንክራዊ ምትእኽኻብ፡ ብነጎድጓዳዊ ድምጺ፡ ንፍትሒ ጸዊዖም፡ ንዓመጽ ኮኒኖም። ላኣላዊ መሬትና ክኽበር፡ ነቲ ጸረ ሰላም ዝኾነ ስርዓት ወያነ፡ ግቡእ መቕጻዕቲ ክብየነሉ ዘኻኽር ጻውዒት፡ ብዓውታ ኣቓሊሖም። ኣብ'ዚ ውዕሎ'ዚ ኣስታት ብጠቕላላ ኣስታት 45 ሽሕ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ምንባሩ፡ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ተሰኒዱ ኣሎ። ኣብ ሓንጎል'ቲ ኣብ'ታ ታሪኻዊት ውዕሎ ዝለዘበ ዜጋ እውን ብሓበን ተቐሪጹ ምህላዉ ኣየጠራጥርን።

እዚ ባህሪ'ዚ ሓደ ካብ'ቲ ንኤርትራውያን ካብ ካልኦት ኣህዛብ ዝፈልዮ መለለዪ ሕላገት፡ ባህላዊ ውርሻ፡ ንቕሓት ዝወለዶ ጽንዓት ህዝብና ምዃኑ ነቶም ገና ዘይተረድእዎ፡ ዳግም ዘስመረሉ ኣጋጣሚ ምንባሩ፡ ብኣድናቖት ይዝከር።






ኩሉ መስተውዓሊ ዜጋ፡ (ብጀካ'ቲ መቖላመጺ ኣብ ቀጥጽሪ ከየእተኻ ማለት'ዩ) እቲ ዕሩቕ ውሳኔ፡ ብቐንዱ ንስኒትን ሓድሕዳዊ ቕዱው ዝምድና ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ነቓዕ ንምፍጣር ዝዓለመ ምንባሩ ኣይተማትአን። ህዝብን መንግስትን ኣናቖርካ፡ ነቲ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ክስተታት፡ እንተታት ዝመበገሲኡ ቅማረታት፡ ብቕድመ-ተኸተል ዝስዕብ ውጥናትን ዘራጊ መደባትን፡ ተሓላቒ ሰብኣዊ መሰል፡ ካባ ዲሞክራሲ እተጎልበበ ኣታዓራቕነት፡ መስለኹ ቀዳዳት ምንዳይ፣ ድሕሪኡ ኸኣ፡ ከም'ቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃን ማእከለይ ምብራቕን ዘጋጠሙ ናዕብታት ምፍጣር፡ ነዳዲ ክዒኻ ሓዊ ከተሳውር፡ ዝዓይነቱ መደብ ዝነበሮ ብልሓት ምንባሩ ኣይተዘንግዐን፡፡ ኣብ'ቲ ዝተጻወደ መፈንጠርያ እውን ኣይዋሳኣሉን። ዝወሰደ ይውሰድ ክምክት መሪጹ።



ሕጂ፡ እቲ ቅድሚ 5 ዓመታት፡ ኣብ ልዕሌና ዝዝምቢ ዝነበረ፡ ዘይእለ ዝመስል ናይ ሰንፈላል ጊዜ፡ ሳላ ጥሙርን ዝተዋሃሃደ መኸተ፡ እቲ እተራቐቐ ውጥን ተጻባእቲ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሸትኡ ክወቅዕ ኣይከኣለን። ኮይን እምበር፡ ከም ቅዲ ዝሓዝዎ፡ ሓደ ሽርሒ ከበግሱ፡ ንሕና ከነፈሽል ኣብ ቀጻሊ ምትህልላኽ፡ ክርክር ኣብ መንጎ ሓቅን ሓሶትን፡ ኣብ መንጎ ፍትሕን ዓመጽን፡ ኣብ መንጎ ቅንዕናን ተንኮልን፡ ክሳብ ኣላሽ ዝብሉ፡ ክንምርሽ ማኺና ነረጋግጸሎም። ኣብ መወዳእታ ካብ ሓዲድ ጥምጥም ከምዘይንለቅቕ ምስ ኣረጋገጹ፡ ከም’ታ ናይ 1990 ኩነታት፡ ኩሉ ፈተነታት ኣብ ዕጹው መንገዲ ምስ ተበጺሐ፡ ብኽብሪ ኣብ ጠረቤዛ ንልዝብ ከም እንሕተት ኣየጠራጥርን’ዩ። ብርግጽ ታሪኽ ንኻልኣይ ጊዜ ክድገም ም኿ኑ፡ ነዚ ክውንነት’ዚ ዝእምት፡ ገለ ጨራታት ብርሃን ከኣ ይርአ ኣሎ።

ምስ’ዚ ብሩህ ጨራታት፡ ሰብ ነገርና ሓንጎሎም ክናወጽ ናይ ግድን ስለ ዝኸውን፡ እቲ ትማሊ-ትማሊ ኣብ ውሻጠ ኢጋድ ዝካወስ ዝነበረ ውዲታት፡ ሎሚ ከምኡ ዓይነት ናይ መጻወቲ ባይታ ወይ ቀዳድ ስለ ዘየለ፡ ንሓንቲ ብጸገማት እትሕመስ ዘላ ሃገር ጅቡቲ፡ ንድኻማታን ጸገማታን መዝሚዞም መናገዲ ምግባራ ናይ ንድየት ምልክት’ዩ። ናይ ጥፍኣት መላፍንቲ ክትኮኖም፡ ሃጸፍጸፍ ክብሉ ምርኣይ ከኣ፡ ሕማቕ ኣመል’ዩ። በቲ ኻልእ ወገን፡ እቲ ብስም “ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽን ምኽባር ሰበኣዊ መሰላት” ብዝብል ጕልባብ ለኻዕካዕ ክብል ዝጸንሐ ጕጀለ እውን፡ ጠፊሹ ሕሳብ መዝገቡ ክሳብ ዝዓጹ፡ ከም’ዚ ዓይነት ኣጋጣሚታት ገለ መጻንሒ ዝኾኖ ወረታት ክኣራሪ፡ ናብትን ናብዝን ክብል ምርኣይ ኣይገርመናን። እዚ’ውን ምስ ምብርታዕ ዲፕሎማሲያውን ፖለቲካውን ባይታ ዝቀላቐል ተርእዮ ምኻኑ፡ ኣብ ተመክሮ ዘስተባሃልናሉ ልሙድ ኣካይዳ፡ ተጽባእትና ምኻኑ ንፈልጥ።

ኣብ ከም’ዚ ኩነታት፡ ንሕና እውን፡ ነዚ ትንፋስ ዝሓጸሮ ሞት ዘንጸላልዎ ዘሎ ምንቅስቓሳት፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክንጸራርጎ፡ ሞት እገዳ ክሳብ ዝእውጅ፡ መኸተና ናብ’ቲ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት እገብር ዝነበሮ ጥርዝን መንፈስን፡ ነቲ ሽው ዘንቀልናዮ፡ ሓያል፡ ዝተወሃሃደ፡ ቅልጡፍ ትንፋስ ዘይህብ ምንቅስቓስ ክንደግሞ፡ መድርኽ ይሓተና ኣሎ።





ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብይኑ ካብ ዝሀብ፡ 13 ዓመታት ኣቑጺሩ’ሎ። ዶባት ናይ ክልቲኡ ሃገራት ብግቡእ ኣብ ካርታ ተሳኢሉ ተዓጽዩ። ኮይኑ ግን እቲ ናይ ወረበላታት ስርዓት፡ ነዚ ሕጋዊ ብይን ዕሽሽ ኢሉ፡ ኣብ ላኣላዊ መሬት ኤርትራ ኮይኑ ቀልባዕባዕ ክብል ጸኒሑ’ሎ። እቲ ጃንዳ ነዚ ኽገብር ዘሐንቅቖ ኣካል፡ ብቖንዱ ምምሕዳር ዋሺንግቶን ዲሲ ዘራይ ስለ ዝረኸበን፡ በቲ ሓደ፡ እቶም ከም ኣውሓስትን መሰኻኽራትን ዝመሓሉን ዝጠሓሉን ኣተግበርቲ ድማ፡ በቲ ኻልእ፡ “ነቲ ውዕልን ቀይድታት ስምምዕ ዝጠሓሰ ኣካል” ክኾነን እናተገብኦ፡ ስጉምቲ ብዘይምውሳዶም ተተባቢዑን፡ ሻዲኑ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ተደጋጋሚ ገበናት ብቀጻሊ ኣብ ልዕሌና ክፍጸም ድማ ከነፍቅድ የብልናን።

ከም’ቲ ዝንቡዕ ኣባሃህላኦም፡ “ንእሽቶ ሃገር” ዝብልዎ ግጉይ ግምት፡ ንሕና ከምኡ ኣይኮናን። ንሕና ካብ’ቶ ብግዳማዊ ትርኢቶም ጥራይ ብግዝፊ ዝፍለጡ ዝውሃብ መግለጺ፡ ኣይኮናን ንግለጽ። መምዘኒኦም እንተኾነ መምዘኒና ኣይኮነን። ንሕና ብታሪኻዊ ኣመጻጽኣናን ህላውነትና ንምርግጋጽ ብዘርኣናዮ ብቕዓትን ትብዓትን፡ ኣዚና ካብ’ቶም ካልኦት ንዓቢ። ንዕብየትና ዝገልጾ፡ ድልዱል ሓድነት ህዝብና፡ ጸሚድናሉ ዘሎና ቀኣምነገርናን ምስ ዝርአ ጥራዩ እቲ ትኽክለኛ ስእላና ዝንበብ። ናይ ኩሎም ብግዝፎም ዝምክሑ ናይ ምብራቕን ምዕራብን ዝርያታት፡ ንጥፍኣትና ዘተኻየደ ከበባ፡ ንልዕሊ 70 ዓመታት ገጢምናዮ። ኣሎና ኸኣ። ገና ንጽቡቕ መጻኢ ነማዕዱ፡ ንምርግጋጹ ንምርሽ። እቲ ንምንእኣስናን ንምቕንጻብና ዝናፈስ ዝለመሰ ታህዲድ ኣብ ሱሳታት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዝመለስናዮ ዋዜማ ሎሚ ኣይሰርሕንዩ። ትማሊ ስለ ዘይሰርሐ ሎሚ’ውን ከምዘይሰርሓሎም ብቃልሲ ነረጋግጾ።

ብምኽንያት ናይ’ዛ ታሪኻዊት ወርሒ ለካቲት ድማ፡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምስ ስርሒት ፈንቅል ብሩራዊ ኢየበልዩ ምሕራር ወደባዊት ከተማና ምጽዋዕ ስለ ዝተጋጠመ፡ ነዚ ተሪፉ ዘሎ ልኽበጣታት ብትብዓት ብንቕሓት፡ ፈናቒልና ክንጸራርን ሃየ “ዓወት ንሓፋሽ” ኢልና ዕጥቕና ነደላድል። ሕሳብና ምስ ዓጸና ድማ፡ ድሕሪኡ ኣብ’ቲ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ ጽምዶ ህንጻ ሃገርን ብቅሳነት ክንምርሽ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ንውሁድ ዝምድና ህዝብን መንግስትን ዝፍንቅቕ ሓይሊ የልቦን!!

02/20/2015